# ክብረት ይሃብልና ሓርበኛታት ስዉኣትና!

ኤርትርውያን ተቐማጦ ከተማ ሲያትልን ከባቢኣን ነቶም ብ፳ መጋቢት (20 March) ብሓዲጋ ማኪና ዝወደቑ ጀጋኑና ንምዝካርን ግበረ-ሞያኦም ንምምጓስን፡ ሰንበት ፴ መጋቢት (30 March) 2014 ኣብ ማሕበረ ኮምና ንዕለተ መስዋእቶም ብሓበን ዘኪርናያ ኣምሲና። ኣብ'ቲ ኣቦታትን ኣዴታትን ዝተኻፈልዎ'ሞ ብመናእሰይ ደቅና ዝተዳለወን ዝተኣልየን ውቁብን ምዕሩግን መደብ ዓምዩቕን ረዚን ሕድሪ ሰማእታትና ከነተግብር ደጊምና ቃልና ኣሐደስና።

መደብና ብዝኽሪ ሰማእታትን ብሃገራዊ መዝሙርን ምስተኸፍተ፡ ሓጺር ታሪኽ ስዉኣት ሓርበኛታት፡ ብሪጋደር ጀነራል መብራህቱ ተኽለኣብን (ቫይናክ)፡ ብሪጋደር ጀነራል ኣማንኤል ሃይለን (ሃንጀማ) ገዲም ተጋዳላይ ኣቶ ደሱ ተስፋጽዮንን ተነበ። ዋላ'ኳ ሓጺር ታሪኾም ይኹንምበር፡ እዞም መማህራን ሰውራና ዝነበሩ ብጾት ንሃገሮምን ንህዝቦምን ዘርኣይዎ ተወፋይነትን ተበላሕነትን ነቕ ዘይብል ጽንዓትን፡ ንተሳተፍቲ መደብ ከምዝመሰጦም፡ ኣብ ገጻውቶም ይንበብ ነበረ። ብሕልፊ እቲ መለለዪ ምውታት ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ዝኾነ፡ "ኩሉ ምእንቲ ሃገር - ኩሉ ኸኣ ድሕሪ ሃገር" ዝብል ብዘይተጉላባነት፡ ንህዝብን ንሃገርን ምውፋይ፡ ብኣታቶም እኳ እንተዘይተጀመረ፡ ብርግጽ'ውን ብኣታቶም ዘብቅዕ እንተዘይኮነ፡ መማህራን ሓቦን ጽንዓትን ምንባሮም ናይ ጐደና ምስጢር እዩ፡፡ ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ ሓያሎይ ተሳተፍቲ መደብ ዝመስከሩሉ ተዘክሮታትን ትዕዝብትታትን ኮይኑ ኣምሰዩ።

ካብ'ተን ኣብ መደብ ዝነበራ መሰጥቲ ዕማማት፡ ብደቀንስትዮን ብደቂተባዕትዮን ዝቐረባ ግጥምታት፡ ብትሕዝቶኣን ኮነ ብኣቀራርበኣን ንተሳተፍቲ መደብ መስጥቲ ነበራ። ኣብ ርእሲኤን፡ ብገለ ገዳይም ተጋደልትን፡ ብቐረባ ዝፈልጥዎም ብጾቶምን፡ ዝቐረባ ናይ ዓይኒ ምስክር መደረታት፡ ነቶም ብማዕዶ እንፈልጦም ሰባት ዓቢ ትምህርቲ ኮይኑና ኣምስየ። እቲ ዝነበረ ሓፈሻዊ መልእኽቲ ከኣ፡ "ኣኽላባት ዝነብሑ እነተነብሑ፡ ንጐዕዞ ኤርትራዊ ገመል ዝዕንቅፍ የለን! ሕጂ'ውን ከም ትማሊ፡ መዓንጣና ሸጥ ኣቢልና፡ ሓድነትና ሓሊና፡ ንኹሎም ክመጹ ዝኽእሉ ተጻብኦታት ምምካት ዘይማትእ ምርጫና እዩ!

ኣብ መጨረሻታ፡ ንተዘክሮ ዝሓለፉ ብጾትና ተዳልዩ ዝነበረ ሽምዓታት ብምብራህን፡ ናይ ሕልና ጸሎት ብምቕራብን፡ መደብና ብዓወት ተዛዚመ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ!

ማሕበረኮም ሲያትልን ከባቢኣን